# ትእምርቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ
## ራእይ ምዕራፍ 6፡1-2

### 1. ትእምርቲ ናይ ጸረ ክርስቶስ

እዚ ብዓል ኣምበላይ ፈረስሲ ናይ ራእይ 6፡1-2 ናይ መን ወይስ ናይ እንታይ ትእምርቲ እዩ? ብዛዕባ እቲ ጸረ ክርስቶስ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኦሪት ዘፍጥረ ጀሚሩ እዩ ዝዛረብ። እንተኾነ እውን ኣተኲሮና ኣብቲ ናይ ራእይ 6፡1-2 ዘሎ ስለ ዝኾነ እቲ እንምልከቶ ትምህርቲ ኣብኡ እተደረተ ይኸውን። ኣብ ቀጻሊ ክፍልታት ናይ ራእይ ዮሃንስ ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ጸረ ክርስቶስ፡ በበቲ ዝበጻሕናዮ ጽሑፋት ዘተኮረ ጌርና ክንምሃሮ ኢና።

እዚ ኣብ ራእይ 6፡1-2 ዘሎ በዓል ኣምበላይ ፈረስ ኣምሰሉ ክርስቶስ ድኣ እዩ እምበር የሱስ ክርስቶስ ኣይኮነን። የሱስ ክርስቶስ ግና ኣብ 6፡1ን 3ን 5ን 7ን 9ን ከአምኡ ድማ ኣብ ትቕሲ 12 ከም ማሕተማት ዝፈትሕ ገንሸል ኰይኑ ተጠቒሱ ኣሎ።

ከምቲ እቶም፡ ኣብ 6፡3-8፡ ነቲ በዓል ኣምበላይ ፈረስ ዝስዕቡ ሰለስተ ፈረሰኛታት፡ ትእምርቲ ናይ ክርስቶስ ዘይኰኑ፡ እዚ ቀዳማይ ፈረሰኛ ድማ ትእምርቲ ናይ ጸረ ክርስቶስ፡ ናይ ኣምሰሉ ክርስቶስ ኰይኑ ዚመጽእ እዩ እምበር ትእምርቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣይኮነን።

ነዚ ብዝምልከት፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ 2ይ ቈረ 11፡4 ከምዚ ይብል "ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ እሞ፣ እዚ ኣየገርምን እዩ።" እቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ ሽፋናቱ በብሓደ ምስ ቀልዔ ግና ብትእምርቲ እቲ ሓመር ፈረስ (6፡3-4) ዘይሰላማዊ ምኻኑ ኺግሃድ፡ ብትእምርቲ እቲ መጋል ፈረስ (6፡5-6) ንሰባት፡ ብቑጠባዊ (ኢኮኖማዊ)፡ ብኽብደዶም ዚሕዞም፡ ብትእምርቲ እቲ ቡላ ፈረስ (6፡7-8) ድማ ናይ ደም ሰብ ምኻኑ ኺግሃድ እዩ። ኣቐዲሙ ግና ነቲ ኣምባላይ ፈረስ ተወጢሑ ዝመጽእ የሱስ ክርስቶስ (ራእይ 19፡11) መሲሉ ክመጽእ እዩ።

ኣብ ራእይ 19፡11-16 ኣብ ኣምበላይ ፈረስ ተወጢሑ ዚመጽእ ትእምርቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣሎ። እዚ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ ናይ ራእይ 6፡1-2 ግና እቲ ኣምሰሉ፡ እቲ ጸረ ክርስቶስ እዩ እሞ፡ ነጺርና ንረድኣዮ። ብዛዕባ እቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ ናይ ራእይ 19፡11-16 ዝስዕቡ ንመልከት። ንሱ፡ እቲ

(1) እሙንን ሓቀኛን እዩ።

(2) ብጽድቂ ዚዳንን ዚዋጋእን እዩ።

(3) ኣዒንቱ ከም ሃልሃልታ ሓዊ እየን (ራእ 1፡14ለ)።

(4) ኣብ ርእሱ ብዙሕ ዘውድታት ኣለዎ።

(5) ብጀክኡስ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ስም ኣለዎ።

(6) ብደም እተዓለሰ ኽዳን ዝተወንዘፈ እዩ።

(7) ስሙውን ቃል ኣምላኽ እዩ።

(8) ካብ ኣፉውን ህዛብ ዚወቕዓሉ በሊሕ ሰይፊ ይወጽእ።

(9) ነቲ መጽመቕ ወይኒ ናይቲ ብርቱዕ ቍጥዓእ ኵሉ ዚኽእል ኣምላኽ ንሱ ይረግጾ።

(10) ኣብ ክዳኑን ኣብ ምሕኵልቱን ድማ፡ ንጉስ ነገስት፡ ጐይታ ጐይተት ዚብል ጽሑፍ ስም ኣለዎ።

### 2. ሜላታት ናይ'ቲ ብዓል ኣምበላይ ፈረስ - ጥበራ።

"ቀስቲ ኣለዎ፡ ኣኽሊልውን ተዋህቦ፡ እናሰዓረ ኪስዕር፡ ከኣ ወጸ" ዚብል፡ ሰለስተ ሓበሬታት ናይ ጥበራ

ሜላታት ኣሰራርሓኡ ንመልከቶ። ከም ወተሃደር ሓይሊ ኺጥቀም ዓቕምን ዕጥቅን ዘለዎ ክነሱ፡ ማለት ቀስቲ ዘለዎ ክነሱ፡ ዝውርወር፡ ዝምንተግ ፍላጻታት ግና ኣየርእን፡ ኣይጥቀምን ድማ። ግናኸ ብሜላታቱ ምሉእ ዓወት ከም ዚዕወት፡ በቲ "ኣኽሊል ተዋህቦ"፡ እናሰዓረ ኺስዕር ከኣ ወጸ" ዚብል ሓረጋት ተመልኪቱ ዘሎ ነቕልበሉ። ብፖሊቲካዊ ሜላታቱ (መዝ 55፡20-21) እናተዓወተ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደም መመሊሱ ይዕወት። ከመይ ደማዊ ምኳኑ ግና ጸኒሑ ኺግሃድ እዩ (ራእይ 13፡4 1ይ ተሰ 5፡3)።

ከምኡ'ውን ካልኦት ጽሑፋት ከም ዘመልክትዎ ኣብቲ መወዳእታ ዘበን ናይ ሓሶት ነብያትን ናይ ሓሶት መሲሃትን ክትንስኡ እዮም። ዮሃንስ፡ ንራእይ ዮሃንስ ቅድሚ ምጽሓፉ፡ ሒደት ዓመታት ኣቐዲሙ፡ ብዘበኑ ኣጽራሪ ክርስቶስ ምንባሮም ይጠቕስ። እናኸፍኡን እናጸንከረ ከም ዝኸይድን ድማ ይሕብረና። ዛዛሚ ናይ እዚኣቶም ኩሎም ኣጽራረታት፡ እቲ ኣብ መወዳእታ ዚግሃድ ጸረ ክርስቶስ፡ ኣዝዩ ሜላ ዝመልኦ ጠባሪ ኪኸውን እዩ (1ይ ዮሃ 2፡18 ራእ 13፡7)።

እቶም ኣርባዕተ ማሕተማት ናይ ራእይ 6፡1-8፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ ነቶም ጌና ኣብ ምድሪ ዝጸንሑ ኣመንቲ ዝፍትኑ ትእምርትታት እዮም። እቲ ሓምሳይ ማሕተም (6፡9-11) ከኣ እህህታን ጥርዓንን ናይ እቶም በቲ ዘበን ኣርባዕተ ማሕተማት እተገፍዑ ምእመናን ይነግረና (ሉቃ 21፡22-23 21፡12-19)። ስለዚ እቲ በዓል ኣምበላይ ፈረስ፡ ብተንኰል፡ ፈላሚ ግፍዒ ክርስትያናት ኰይኑ በዚ ዘበን እዚ እዩ ኺግለጽ።

እቲ ተንኰለኛ መግፋዕትታት ናይቲ ጸረ ክርስቶስ በቲ ቀስቲ ናይቲ ኣምበላይ ፈረስ ተኣሚቱ ኣሎ። ቀስቲ ምልክት ናይ ምፍርራህ፡ ናይ መሰላት ምኽላእ፡ ናይ ጸበባ፡ ናይ ወተሃደራዊ ስርዓት እዩ (ማቴ 24፡5 ተመልከት)። ከምቲ ቀደም ዝኾነ (ራእ 2፡13 12፡17)፡ ኣብቲ ምቕራብ መወዳእታ ድማ ሰይጣን በቲ ጸረ ክርስቶስ ገይሩ፡ ቀስታዊ ጸበባ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ከዘውትር እዩ።

ኣኽሊል ናይቲ ኣምበላይ ፈረስ ምልክት ናይ ዓወቱ ኣብቲ ዝዓጠቖሉ ሰልፊ ይሕብር። ኣኽሊል ተዋህቦ ኺብል ከሎስ (እቲ ዓወት) መን እዩ ዝህቦ ዘሎ? ይዕወት ከም ዘሎ ተዓዘብቲ ክእመንዎ እዮም።

ጸረ ክርስቶስ ኺግለጽ እዩ። ብታሪኽ ድማ እቲ ዘድሊ መንግድታት ይምድመደሉ ኣሎ። ኣብ ደምበ ጸረ ክርስቶስ ከይንህሉ፡ ኸይንግዛዕ፡ ብቓል ኣምላኽ ዝለበሙ ኣመንቲ ክርስትያናት ንኹን።

ቃል ኣምላኽ ነጻ ፍጥረት ምኳንና፡ ማለት፡ ንኣምላኽ ክንስዕብ ወይስ ክንነጽግ መሰል ከም ዘሎናን ናትና ውሳኔ ምኳኑን ብግልጺ ይምህረና። ኩሉ ሳዕቤናት ናይ ክልቲኡ ምርጫታት እንሓፍሶ ድማ ንሕና ኢና። ክልትኡ ምርጫታት ሳዕቤናት ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ ጸረ ክርስቶስ ኰነ እቶም ሰዓብቱ፡ ኣንጻር ፍጡር ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣንጻር ኣምላኽን መሲሁን እውን ኸይተረፈ፡ ቀስቶም ክግትሩ ስጕምትታት ክወስዱን እንርኢ። እቲ ይኹን እቲ እንገብሮ ምርጫታትን እንወስዶ ስጕምትታትን ሳዕቤናት ከም ዘለዎ ከቶ ኣይንዘንግዓዮ። እምብኣርከስ ደፋራት ኣንጻር ኣምላኽ ዝግተሩ ኳንና ጥራይ ዘይኰነስ ብተንኰላዊ ሜላታት ናይ ጸረ ክርስቶስ ዝጥበሩ ከይንኸውን ብቓል ኣምላኽ ክንልብም ይግባእ።